ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية

الهيئة التنفيذية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT

Executive Committee

ensf.info@gmail.com

# መበል 9 ዓመት ዝኽሪ
# መስዋእቲ ተጋዳላይ ኢዮብ ብስራት

ሓርበኛ ተጋዳላይ ኢዮብ ብስራት ከም'ዛ ሎሚ መዓልቲ፣ ብዕለት 24 ታሕሳስ 2009 ካብዛ ዓለም ብመስዋእቲ ተፈሊዩና። እነሆ ኸኣ፣ ካብ ዝስዋእ ድሮ 9 ዓመታት ኣሕሊፉ።

መስዋእቲ ሓርበኛ ኢዮብ ብስራት፣ ንውድብና ግ.ሃ.ድ.ኤ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንመላእ ደምበ ተቓውሞን ንኤርትራን ህዝባን ዓቢ ኪሳራ ኢዩ። ብጻይ ኢዮብን ካልኦት ጀጋኑ ስዉኣትና ዘበርከትዎ ልዑል ሃገራዊ ኣስተዋጽኦ ንወሎዶታት ተዘኪሩ ክነበር ኢዩ።



ልዑላውነት ሃገርና ኤርትራ፣ ብምልካዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣፍወርቂ ኣብ ሓደጋ ወዲቑሉ ኣብ ዘሎ እዋን፣ ከም ኢዮብ ብስራት ዝኣመሰሉ፣ ተቓሊሶም ዘቃልሱ ምኩራት መራሕቲ ኣብ መንጎና ክህልዉ ምተገበኦም። እንተኾነ ግን ፍቓድ ኣምላኽ ኮይኑ፣ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት በብሓደ ተሰዊኦሙና። እንተኾነ ግን፣ ሃገርናን ህዝብናን ካብ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ንምድሓን፣ ናቶም ኣሰር ተኸቲልና፣ ጽንዓትን ንቕሓትን ተቐኒትና፣ ቃልስና ከንቅጽሎ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ዝያዳ ከም ዝሓንን ክንገብር ምኧንና መብጻዓና ደጊምና ነሐድስ።

ንኽብርቲ ብጻይትና በዓልት ቤት ስዉእ ኢዮብ፣ ተቓላሲት ሰማይነሽ ካሕሳይን፣ ንክቡራት ደቅና፣ ራህዋን፣ ሰናይን፣ ክብረትን፣ ከም'ኡ'ውን ንኹሎም ክቡራት ስድራ ቤት ስዉእ ኢዮብን፣ ንኹሎም ፈተውቱን ብጾቱን፣ ኣብ ልብና ንዘልኣለም ተዘኪሩ ክነብር ምኧኑ ከነረጋግጸሎም ንፈቱ።

ክብርን ዝኽርን ንኹሎም ጀጋኑ ስዉኣት !!

"ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ"

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ዕለት፡ 24-12-2018